# ዘዐውት መገዲ

20.02.2018

ብበላይ መስፍን

ታኣኪብኩም ርኺቡ መገዲ
ሃገር ከይትስእን ወራስ ዓዲ
ከይጠፍእ ዝዘሎ ትውልዲ

ኣይእከብን'ዩ ፋሕ ምስ በለ
እክብ ኢልና ፍታሕ ንድለ
ዘረባ ኣይነብዝሕ ናይ ጽላለ

ረስዕዎ እቲ መን ይምራሕ
ገድፍዎ እቲ ምጉርራሕ
ህዝቢ ዝደሊ ብሕጊ ክምራሕ

ድለዩ ንፍትሒ ደው ዝብሉ
ብሽመት ዝብልዋ ዘይታለሉ
ብዝኾነ ህዝቦም ዘይብድሉ

ካብ ሱሱዓት ግን ገለ ኣይትጸበዩ
ምእንቲ ሽመት ኢዮም ዝጓየዩ
ድላዮም ከብስሉ ቃልሲ ዘደንጉ

ብሕቡእ ኢዮም ለይቲ ዝራኸቡ
ብጋህዲ ግን ካልእ ይዛረቡ
ህዝቢ የዳናግሩ ድላዮም ክረኽቡ

ሃሰስ ይብሉ ነጥቢ መባእሲ
ተግባራቶም ንህዝቢ ዝሃሲ
ብኸምዚ ኣይስጉምን ቃልሲ

ብኣፍና ካብ ኩሉ ዝቐደምና
ብተግባር ድሕሪት ዝተረፍና
ንዑ ንሕሰብ ትዕቢት ኣቐሚጥና

ኣካይዳ ዓለም ተመልከቱ
ንምዕባለ ኢዮም ዝማጎቱ
ሃገሮም ክፍለጥ ብዕብየቱ

ዝኽርን ክብርን ንስውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና